

ብሕሊናና ክንምራሕ ተስፋ ኣለኒ።ብወገነይ ዝመሰለኒ ከጽሕፍ።ተዘይ በላዕኩ ዳንዴር ኣይትብቆላ ግና ኣይቅበሎን። ተሓቢካ ኣንጻር ሃገር ክርቢት ምዉላዕ እነጽግ።ናይ ውድብ ድኽመት ክነቅፍ ግና መሰለይ ጥራይ ዘይኮነስ ግዴታ'ውን ኢዩ። ብፍላይ ሃገር ንዝመርሕ ውድብ።ንውድብ ምቅዋም ማለት ግን ናይ ግድን ሕጊ ናይ ሃገር ምፍራስ ኣይኮነን።ናይ ሓደ ሃገር ሕጊ ምኽባር ግደይታ ኢዩ።ሃገር መን ይምርሓዮ ብዘየግድስ።ኣነ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ሰብ ኢየ።ናይዚ ዝነብረሉ ዘለኩ ሃገር ሕጊ ንፍተዎ ንጽልአዮ የኽብሮ ኣለኩ።ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ከኽብር ድማ ግደይታይ ኢዩ። ወግዐይ ብዘረባ ጠርጠራው ክጂምር። 'የኣክሎ ይኾኖ '።ጠርጣራው መቸም ተዛራባይ ኢዩ።ሎሚ ኣብ ኣውስትራሊያ ኢዩ ዝነብር።ስየ ኣብርሃ ድማ ኣብ ላይበርያ ኢዩ ኢሎማቶ።ኣረጋሽ ኣዳነ ኣበይ ኣተወት?ተወለ ወልደማርያብ፡ተስፋማርያም ገብረማርያም ወዘተ ገሊኦም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣለዉ ይዉረ።ኣረ ብዙሓት ምስ ጠርጣራው ዝመሳሰል ዝንባለታት ዝነበሮም ተጋደልቲ ነበር ፋሕ-ፍንጭራሕ ኢሎም ኢዮም።ሓደ ዓይነት ግልግለ ዘለወን ኣዕዋፍ ናብ ሓደ ገጽ ይበራ ይበሃል። ጠርጠራው የእኽሎ ይኮኖ ካብዝብል ብዙሕ ዓመታት ሓሊፉ።ኣኺሉዎዶ ወይስ ቀጺሉ? ሓንቲ ኣብ ከናዳ ትነብር ኢትዮጵያዊት ናብ ዓዲ ከይዳ።እከለ ከመይ ኣሎ? ኢሎም ቤተሰብ ሓቲቶማ።ጹቡቅ ኣሎ።ኣሪጉዶ? ደሓን ኢዩ ኣይአረገን።ንቕጽናከ ገዲፉዎዶ? ኢሎም ብተውሳኺ ሓቲቶማ።ኣይይ! ንቕጽናማ ኣይሓደጎን። እንድያዉም ወሲኹላ ኢላ መሊሳትሎም ኢሎም በሉታ።ወያነ ድማ ኣብ ኤርትራ ኣምልኾ ከምታ ናይ እከለ እንድያውም ወሲኮምሉ።

ዘረባ ዘረባ የምጽኦ ደአ ኮይኑ እምበር ጹሑፈ እኺ ብዛዕባ ጠርጣራው ኣይኮነን።ኮይኑ ግና ታ’ይኮኖ’ ትብል ናይ ጠርጣራው ዘረባ ሎሚ’ውን ኣይተመልሰን።ገና ገና ኣይተማልሰን።ምክንያቱ ቅድሚ 42 ዓመት ብማሕበር ገስገስቲ ተጋሩ ዝተጀመረ ኣብ ሻዕብያ ኣምልኮት መዓስ ኢዩ ጠጠው ክብል? መሪሕነት ናይ ሕወሓት ንምምራፅ ንምንታይ ካብ ኤርትራውያን ሰርትፍኬት ኣድለየ?ሎጂኩ ታይ ኢዩ?ብልሓቱ ጠፊኡና።ባንጻሩ ናይ ኢትዮጵያ ሉኡላውነት ዘልዓለ ምብራር፡ምድሃል፡ ምፍርራሕ ታይ ኣምጽኦ?መን ኢዩ ዘይረአ ሕቡእ ሓይሊ ብድሕሪት ዘሎ?ኢትዮጵያ ዘይውዳእን መልሲ ዘይርከቦን ፈተናታት የጋጥማ ኣሎ።የኣክሎ ይኮኖ… ካልእ ጠርጣራው ዝተዛረቦ ’’ወጊሑዶ ገና ምጓሕስ ወጊሑ ኣለቅቲ ኣሎ ኣብ ኺና’’ይብል።ኣብ መበሊ 40 ዓመት ናይ ህወሓት በዓል ምስ ጠርጣራው ኣብ መቀለ ተራኺብና።ቲ’ኣሎ ዝበልካዮ ዓለቅቲ ሎሚከ ኣሎዶ ኢለ ክሓቶ ደልየ ነየረ።ረሲዐዮ። መቸም ጠርጣራው ተዛራቢ ኢዩ።ምዝራብ ግና ይጎድእ'ውን ኢዩ።ሓቂ ብምዝራቡ ኢዩ፡ ጠርጣራው ዝፈትዋን ዝተቃለሰላን ሃገሩ ራሕሪሑ ናብ ሩሑቕ ዓዲ ተሰዲዱ ይነብር ዘሎ።ካብኡ ተማሂርና ትም ንበል ማለት ድዩ?ክክክክ ክንደይ ግዜ እሞ! ልኡላውነት ኢትዮጵያ ይተሓሎ ይከበር ዝበሉ ተጋሩ፡ብስእሊ መለስን ብስእሊ ሓየሎምን ንምንታይ ይህደዱ?ናይ ደርጊ ናፈቅቲ፡ጉሓፋት፡ጸረ-ህዝቢ ታይ ኣምጽኦ? ብሰላም ክሳብ ዝኮነ ልኡላውነት ኢትዮጵያ ይከበር ኢልካ ምሕታት መሰል ህዝቢ ኢዩ።ሕቶ ህዝቢ ክምለስ ኣለዎ።ጃንሆይ ብዝንዕቕዎ ህዝቢ ተጓሒፎም።ደርጊ’ውን ህዝቢ ስለዝጸሊኡ ኢዩ ፋሕ ፍንጭራሕ ኢሉ ዝተሳዕረ። ካድራት ህወሓት ካብ ህዝቢ ክተምልጡ ኣይትኽእሉን።ካብ ዝሓለፈ ተመክሮታት ተመሃሩ።ህዝባውያን ኢና ምባልን ሕቶ ህዝቢ ምምላስን በበይኑ ኢዩ።ዲሞክራስያውያን ኢና ምባልን ዲሞክራስያውያን ምኻንን ተፈላለየ ኢዩ።’’ጣጡን-ህንብጣጡን ንፈልጦ ኢና’’ ከምዝበሃል። ህዝቢ ኩሉ ይፈልጥ ኢዩ። ሃፍታም ናይ ሞሳፖታምያ ተዘኪሩኒ።መሶፓታምያ ዛ’ናይ ሎሚ ባግዳድ ኢያ።ሓደ ሃፍታም ኢዩ ኢሎም በሉታ። ሃፍታም’ዊ!ከምዞም ናይ ሎሚ ሃፍታማት ሃገርና።ንሓደ ካብ ሽቃሊኡ ናብ ዕዳጋ ይልእኮ።እዚ ሽቃላይ ኣብ ዕዳጋ ከይዱ ኩመደረን ሽጉርቲን ናገዝአ ናሃለወ ገለ ይጉንጾ።ግልጽ እንተበለ መልአከ-ሞት ኢዩ።ወዮ ሰብአ ደንጊጹ ሃዲሙ ናብ ጎይትኡ ይምለስ። ጎይታይ መልአከሞት ይከታተለኒ ስለ ዘሎ ፈረስካ ሃበኒ ናብ ሩሑቕ ቦታ ክሕባእ ይብሎ። ወዮ ሃፍታም ሰብአ አሽ ኪድ ተሓባእ ኢሉ ፈረሱ ይህቦ።እዚ’ሓሸከር ካብ ባግዳድ ተበጊሱ ፈረሱ ናጋለበ ናብ ሰማርያ ዝተባህለት ሩሑቕ ቦታ ከይዱ ይሕባእ። ሃፍታም ሰበአይ ድማ ብወገኑ መን ኣዲኡ ኢዩ ደፊሩኒ ኢሉ ነዚ መልአከሞት ደልዩ ይረኽቦ።ንምንታይ ንሓሽከረይ ኣፈራሪኻዮ ኢሉ ድማ የፋጥጠሉ።ወዮ መልአከሞት ብወገኑ ንሱ'ኺ እጀማምሮ ኢየ ዘለኩ። ዘግረመኒ ግና ኣብ ገዛኻ ባግዳድ ኣሎ ናበልኩስ ኣብ ሰማርያ ስለዝረኸብኮ ኢዩ ።በለ ይበሃል።ክክክክ ናይቲ ውድብ ኣወንታዊ ጎኑ ቅቡል ኮይኑ ተነቃፊ ፖሊስኡ ምእራም ነውሪ ኣይኮነን።

ኣቦይ ስብሓት ብዛዕባ ሓገራዊ ሕቶ ኤርትራ ተጋጊና ኢና ብምባሉ ገለ ሓሜታ ሰሚዕና።ኣብ መድረኽ ወጺኡ ደፊሩ ዝተቃወሞ ወይ ዝደገፈ ግና ኣይረአይኩን።ኣባል ውድብ ኮይኑ ብድፍረት ገይጋ ገይርና ዝበለ ኣቦይ ስብሓት ጥራይ ኢዩ።ከምቲ ሉሙድ።ካብ ካልኦት ኣይጽበን።ኣግንዕ ድማ እብሎ። ሕቶ ኤርትራ ሃገራውነት ኣይኮነን ዝበሉ ኣባላት ወያነ ነበር የለዉን ማለት ኣይኮነን። ብዙሓት ኢሎም ኢዮም።ግና ገምቲ መለስ ዝበሎ ካብቲ ውድብ ወጺኦም ክንቲት ምስኮኑ ኢዮም ተዛሪቦም። ንኽንቲት መን ይሰማዓ።ንሕና ኣቀድምና ጨሪሕናሉ ኢና።መን ክሰምዓና።ህዝቢ ንቡዙሕ ዘመናት ተሰዊኡሉ ኢዩ። ንቅድሚት’ውን ቀጻሊ ኢዩ። ገለ ካድራት ወያነ ናይ ኣቦይ ስብሓት ሓሳብ ኣኹሩዩዎም ኢዩ።ብጎኒ ጎኒ ዓጀውጀው ይብል ኣሎ! ኣሪጉ ኢዩ ክብሉ ይስማዕ ኣሎ።ኣባል ውድብ ሕወሓት ኮይኑ ንሻዕብያዊት ኤርትራ ተንኪፉ ዓጀውጀው ይብል ኣሎ ናበሉ ሕምየትን ምጽላምን የስፋሕፉሑ ኣለዉ።ፓንዶራ ቦኽስ ተተንኪፋ (ኤርትራ)።ብህወሓት ኤርትራ ምትንካፍ ፓንዶራ_ቦኽስ ምትንካፍ ኢያ።ዞም ኣንጭዋ ክልተ ዓንዴል ‘ብሓንቲ እምኒ ክልተ ዕፍ’ ከምዝበሃል ኣብ ግብሪ ንሪኢ ኣለና። ገለ ካድር ኤርትራዊት ፓንዶራ_ቦኽስ ከትትንከፍ ንትግረዋይ ብጭሩኡ ሒዞም ክለቅዎ ኣይኽእሉን።ጭራ ነብሪ ዘይምሓዝ ተሒዝካ ዘምልቃቅ እንዲዩ። ንምኳኑ ካድር እንታይ ኢዩ?መቸም መለስ ይከኣሎ እንድዩ።መልሱዎ ኢዩ።መለስ ነቶም ናይ ደርጊ ጋድር ኮራኩር ይብሎም።ንናይ ህወሓት ካድር ድማ ኣናህብ ይብሎም።ኣናህብ ድማ ናይ ሹም ንህቢ መገልገልቲ ኢዮም።ንምኳኑ ጆርጅ ኤርወል ንካድር ታይ በሎም? ኣዘክሩኒ ክክክክክ ናይ ህወሓትን ናይ ደርግን ካድር ክልቲኦም ናይ ጎይተቶምም ዕድመ ዘናዉሑ ካብ ኮኑ ዘመሳስል ኣለዎም ማለት ኢዩ።።በዚኣስ ይመሳሰሉ ኢዮም።ኣይትሓዙለይ።ፈሪሕናዶ ክንመዉት።ፍሊሊይ ድማ ኣለዎም።መንግስቱ ሓንቲ ኢትዮጵያ ሓንቲ ኢትዮጵያ ሓንቲ ኢትዮጵያ ናበለ ኣብ ቅድሚኦም ዝጸንሐ ዝኮነ ጨፍጭፉ ኢሉዎም።ካድራት ናይ ደርጊ ተይቀነሱ ተይወሰኩ ጎይትኦም ዝበሎም ፈጺሞም።ካድራት ናይ ወያነ ብወገኖም ሃገራዊት ኤርትራ ልኡላዊት ኤርትራ ልኡላዊት ኤርትራ ኤርትራ ዝተንከፈ ኣጸልሙ፡ ኣባርሩ፡ኣፈራርሑ፡ወዘተ ወዘተ ወዘተ..ተነጊሩዎም ከምኡ ድማ ፈፂሞም ይቅጹሉ ከአ ኣለዉ ።ኣብዙይ ፍሊልይ ኣለዎም ንብለኩም። ኣብ ህወሓት ካብ ማገብት ክሳብ ሎሚ ሓንቲ ዘይትትንከፍ ፖሊሲ ኣምልኾት ኣብ ኤርትራ ኢያ።ንናይ ሕወሓት ፖሊሲ ኣብ ሕቶ ኤርትራ ከም ናይ ፈጣሪ ቃል ኢያ።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎ ልኡላውነት ኢትዮጵያ ዘልዓለ ብመለሳዊ ጥበብ ኣልግስ የብልዎ። ሃደ ሰብኣ ኣንቁላሊሕ ከመ ገይርኩም ተጫጭሖ ኢሉ ንሓደ ዓርኩ የሓቶ። ወዮ ዝተሓተተ ሰብኣ ክምልስ እተሎ “ኣብ ዓውዲ ገይርና ብእንስሳ ነርግጾ ጨቅ ዘዝበለ ናብ ወሰን ጨቕ ዝበለ ናብ ወሰን ኢሉ መለሰሉ ይበሃል።ከምኡ ድማ ኣብ ሕወሓት ኣንጻር ኤርትራ ጨቅ ዝበለ ናብ ወሰን ኢያ። በሉ ክጠቃልል።ኩሉ ክሓልፍ ኢዩ።ኣምላክ ኩሉ ከሓልፍ ኢዩ ኢሉና ኢዩ።ሳይንስ’ውን ሓደ_ነገር ይውለድ የዓቢ የአርግ ።በቃ።ስለ ዝኾነ ከምቲ ወለዲ ዝብልዎ ዉሕጅ ተይመጸ መንገዲ ውሕጅ ጽረግ ኢዩ።ምኽሪ

ሓውካ ብደውካ። ብምስላ ስለ ዝጀመርኩ ብምስላ ክድምድም።እንድያውም ሂዚ ኮላይ ብመልአከሞት ።ብመልአከሞት ጀሚረ ብመልአከሞት ክውድእ።ብዙሕ ሃፍቲ ዝነበሮ ሰብኣይ ኢዩ ኢኮ።ከም ዓላሙዲ ዋኢ።ዘድለዮ ብገንዘብ ዝገዝእ ኢዩ። ብጉቦ።ጉቦዶ ጠፊኡም።ከም መመሓደርቲ ሃገርና ማለት እኮ እዩ።ዝደለየ ብገንዘቡ ይገዝእ!ጉዳም ሰብኣይ ኢዩ ኢለማቶ። ሓደ መዓልቲ ሞት በዚሑ ይሰምዕ።ብዙሕ ገንዘብ ከፊሉ ነዚ መልአከሞት ይረኽቦ። ብዙሕ! ኣዕርዩ ብዙሕ! ገንዘብ ክህበካ ኢየ ግና ሞት ናባይ ቅድሚ ምምጽእ ኣብ ቀሸይ ከይደ ክንሳህ ኣቓዲምካ ንገረኒ ይብሎ።መልአከ ሞት ሆየ ፈታዊ ገንዘብ እንድዩ! እሺ ኢሉ ገንዘብ ብኸፈር ተቐቢሉ፥ቃል ኣቲዩሉ ነናብ ጉዳዮም ይኸዱ።ገንዘብ መቸም ንኩሉ ኢዩ ዝገዝእ።

ኣረ ሎምስ ንተጋደልቲ’’ውን ይገዝእ ኣሎ ኢሎማቶ። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ሓደ ፈታዊ ናይዚ’ሃፍታም ሞይቱ።ኣብ ቀብሩዎ ዉዒሉ።ድሕሪ ቁሩብ ሰሙን ከአ ሓደ ዓርኩ ሞይቱ ሰሚዑ።ድሕሪ ኣዋርሕ ድማ ዘመዱ ሞይታ።ብህዙ ሓዚኑ ከሪሙ ኢሎሞ።እንደ ገና ሓደ ዝፈልቶ ዘመድ ሞይቱ ኣብ ቀብሪ ከምዝወዓለ ተወርዩ።ወዮ መልአከ-ሞት ሓሙስ ምሸት ደበኽ ኢሉ ነዚ ሃፍታም ሂዙዎ ከይዱ ።ተዓዘብቲ ከም ውዕሎም ንምንታይ ኣቀዲሙ ዘይነገሮ ዝብሉታ ነይሮም።ኣይፋል መልአከሞት ኣይጠለመን ባዕሉ ዝሃፍታም ሰብኣይ ኣይሰምዕን ኮይኑ እምበር ቶም ኩሎም ኣዝማዱን ዝፈልጦምን ክሞቱ ከለው እኮ ይነግሮ ኢዩ ነይሩ።ሃፍታም ሰብኣይ ግን ጸጊቡ ክሰምዕ ኣይከአለን ኢላቶም ንብለኩም።

በሉ ደሓን ክረሙ!

ሚዛን አሸናፊ